# ፈሪሱ ዝነበረ ቢንቶ መረብ ዳግም ተሃኒጹ፡ ንስራሕ ድሉው ኮይኑ።

------------0---------------

ፈሪሱ ዝነበረ ቢንቶ መረብ መንግስቲ ኔዘርላንድስ ብዝመወሎ ዳግም ተሃኒጹ ንስራሕ ዱሉው ከምዝኾነ ወኪል ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ዞባ ደቡብ ሓቢሩ።

ምጽጋን ናይዚ ቢንቶ ንሰራዊት ዓቃብ ሰላም ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ካብን ናብን ክልቲኡ ሃገራት ዝገብሮ ምንቅስቃስ ሓጋዚ እዩ።

ኣብቲ ትማሊ 7 ሓምለ ዝተኻየደ ጽምብል ምኽፋት ቢንቶ መረብ፡ ኮሚሽነር ኮሚሽን ምውህሃድ ምስ ዓቃብ ሰላም ኣቶ
ዓንደብርሃን ወልደገርጊስ፡ ንውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ብምውካል ኣምባሳደር ናይጀርያ ኣብ ኤርትራ፡ ወከልቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣምባሳደር ህንዲ ኣብ ኢትዮጵያን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ፍሉይ ወኪል ሚስተር ልግዌይላ- ሚስተር ኢያን ማርቲን ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ ቢንቶ መረብ ዳግማይ ይኽፈት ብምህላዉ ታሪኻዊ ምኳኑ ድሕሪ ምሕባር፡ ነቲ ቢንቶ ዳግም ንኽህነጽ ዝመወለ መንግስቲ ኔዘርላንድ ኣመስጊኑ።

ኣዛዚ ሰራዊት ዓቃብ ሰላም ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሜጀር ጀነራል ፓትሪክ ካመርት ብወገኑ፡ ምህናጽ ናይቲ ቢንቶ
ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዘሎ ጋግ ንምጽባብ ከምዝሕግዝ ብምምልካት “ኣብ ሓጺር እዋን፡ ህዝቢ ክልቲኤን ሃገራት ቤተሰቦምን ፈተውቶምን ንምርካብ ክሰጋገሩን፡ እቲ ቢንቶ ክሳብ መጻኢ ወለዶታት ደው ክብልን እምነ” ኢሉ።

ኣምባሳደር ኔዘርላንድ ኣብ ኤርትራ ሚስ ኣምባዩካ ብራንድት፡ ብወገና፡ ቢንቶ መረብ ዳግም ንምህናጽ ሰራዊት ዓቃብ ሰላም ሓሳብ ምስኣቕረበ፡ መንግስታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ንኽዕረ ደገፎም ስለዘርኣዩ፡ መንግስቲ ኔዘርላንድስ ሓገዙ ከምዝወፈየ ገሊጻ። ነቲ ብሰንኪ ኵናት ዝሳቐ ዘሎ ህዝቢ ክልቲኤን ሃገራት ንምሕጋዝን መስርሕ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ መወዳእትኡ ንምብጻሕን መንግስቲ ኔዘርላንድስ ኣበርቲዑ ከምዝጽዕር ድማ ኣረጋጊጻ።

እቲ ናይ ምጽጋን ስራሕ ብኩባንያ ህንጻ ህንድን ስሎቫካውያን ኢንጂነራትን እዩ ተኻይዱ።

*******ኣ.ዜ.ኤ*******